ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة
Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

# ኣድላይነት ምቋም ሰፊሕ ኣካቢ ሃገራዊ ልፍንቲ፥-

እዚ ህልው ዘይሓድነታዊ ኩውንነት ደምበ ኤርትራዊ ተቓውሞ'ዚ፡ ነገራውን ሞራላውን ዓቕሚታት ህዝባዊ ተጋድሎ ህዝቢና ዘባኸንን፡ ንስልኳታት ጸላኢ ጥጡሕ ዕድል ዝህብን፡ ከምኡ'ውን ንግዳማዊ ኢድ ኣእታውነታት ረሒብ ባብ ዘርሕውን፡ ከይዱ-ከይዱ ንተቓውሞ ሓይልታት፡ ሓደ ብድሕሪ'ቲ ካልእ ዘዳኸምን ዕድላት ተዓዋትነት ዘኸስርን'ዩ። እዚ ህልው ኣተሃላልዋ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ናብ ዓወት ዘብጽሕ ኣይኮነን። እዚ ኣሰካፊ ኩውንነት ህልው ቃልስና ከም ኣብ መሬት ዘሎ ጭቡጥ ሓቂ ጌርና እንኣምነሉ እንተኾይና፡ ከም ዘሎዎ ክቕጽል ዝገብር ፖለቲካን ስልትታቱን ኪንክተል ኣይግባኣናን። ኩነታት ደምበ ተቓውሞ ካብ ድኹም ደረጃ ናብ ሓያል ደረጃ ዘሰጋግር ብህዝቢ ተቀባልነትን ደገፍን ዝረክብ ሓዲሽ ፖለቲካዊ መርሓ ኪንሒዝ ይግባኣና። ናይ'ዚ ቁም ነገር ውሽጠ ፖለቲካዊ ንቕሓት ምሕዳስ'ዩ። ብሓጽር ኣዘራርባን ዓሚቕ ገለጻን፡ ደምበ ተቓውሞ ኣብ ቅድሚ ህዝቢናን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝተዳለወ ኮይኑ ክቀርብ ምእንቲ፡ ቅድሚ ዝኣገረ ኣብ ገዛእ ርእሱ (ብውልቀ ውድብ፣ ማሕበርን፡ ጥርነፍቲ ጽላላትን) ከከም ዓቕሙ ደረጃ ብደረጃ ብዘይዝኾነ ደገኣዊ ጸቕጢታት ውሽጣዊ ዲሞክራስያዊ ለውጥታት ከተኣታቱ ቅሩብ ክኸውን ኣሎዎ። ኣብ በዓሉ ግልጺ ዝኾነ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘተኣታተወን፡ ኣካቢ ሃገራዊ ጭርሖን ንኩሉ ሃገራዊ ዝሓቕፍ ውደባን ዝኽተል ሃገራዊ ሓይሊ፡ ናይ ህዝቢ ተቀባልነትን ደገፍን ብርግጽ ይረክብ'ዩ። ኣብ ኣህጉራዊ መዳይ ካብ ካልኦት ዝያዳ ዝሕረ'ውን ይኸውን'ዩ። ከምኡ ዘይገበረ ሓይሊ ድማ፡ ህዝቢ ምስኡ ንድሕሪት ክጉተት፣ ወይ'ውን ኣብ ዘሎዎ መኺኹ ክተርፍ ስለዘይደሊ፡ ናይ ህዝቢ ደገፍ ብርግጽ ኣይረክብን። ስለዝኾነነ፡ ኣብ መንጎ ተቓውሞ ሃገራዊ ሓይልታት፡ ካብ ፕሮፓጋንዳዊ ስርሒ ናብ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝሰገረ ሓይልን፡ ካብ ናይ ፕሮፓጋንዳዊ ስራሕ ስድሪ ፈልከት ዘይበለን፡ ህዝቢና ከመሚ ምቹእ ዕድል ክረክብ ይኽእል'ዩ። ናይ ፕሮፓጋንዳ ስራሕ ብንኡሽቶይ ዓቕምን ብዉሑዳት ሰባትን ብውልቃዊ፡ ወይ'ውን ብጉጅለኣዊ መሪሕነትን ክሰላሰል ይኽእል'ዩ። ናይ ለውጢ ስራሕ ግና፡ ሓያሎይ ዓቕሚታትን ኣዝዩ ብዙሕ ውደባ ሰባትን ኣሳታፊ ስጡም መሪሕነትን ዝጠልብ'ዩ። ስለዝኾነ ካኣ፡ ደምበ ተቓውሞ ብጠቕላላ፡ ይፈቶ ይጸላእ ብዘየገድስ ኣብ ፈታኒ መመመዪ መሰጋገሪ መድረኽ ምህላዉ ክቕበል ኣዝዩ ኣገዳስነት ኣሎዎ።

እዚ ሕጂ ኣብ ሃገርናን ዞባናን ዝቀላቀሉ ዘሎዉ ጥልጡፍ ፖለቲካዊ ክስተታት፡ ኣብ ኩሉ ዘሕለፍናዮም መርገጺታትን ዝተኸተልናዮም ኣረኣእያታትን ዝገብርናዮ ዝምድናታትን መሰረታዊ ክለሳ ምግባር ከምዘድልየና ዝነውር ኣይኮነን። እዚ መድረኽ'ዚ፡ ሓዲሽ ፖለቲካውን ውድባውን ውሽጠ ዲሞክራስያዊ ምሕዳስ ንዘተኣታተዉ ሓይልታት ንቕድሚት ኣብ ሰፊሕ ዓውዲ ዘወንጭፍ ክኸውን እንከሎ፡ ብስንኪ ጊዜኡ ዝሓለፎ ዘይሰሓቢ ዝማህመነ ኣካይዳታት ሓንሳእ ብዝኾነ ምኽንያት ኮፍ ካብ ዝበሉሉ ጸቢብ ኩውንነቱ ንዘይፍንተቱ ሓይልታት ካኣ ኣብ ጸቢብ ኩርናዕ ዘኩርንዕን'ዩ። እናሻዕ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ብውሽጦም ዝሕደሱን፡ መሪቶም ሕብሮም ዝረገፉን ሓይልታት ማዕረ ገድላዊ ስጕሚ ክስጉሙ ኣይክእሉን'ዮም። ማዕረ ገድላዊ ግደ ክህልዎም'ውን ኣይክእልን'ዩ። እዚ መድረኽ'ዚ ይንዋሕ ይሕጸር ብዘየገድስ ዝስጉሙን ዝማሰኑን ዝፈሊ መድረኽ ክኸውን'ዩ። ንቕድሚት ዝግስግሱን፡ ድሕሪት ዝተርፉን ሓይልታት ክረኣዩ'ዮም። ተሓዛልካ ምዕዋት ኣይከኣልን'ዩ። ተሓዛዝልካ ምውዳቕ ግን ይካኣል'ዩ። ተሓዛዝልካ ምውዳቕ ማለት፡ ተለኻኺምካ ምውዳቕ ማለት'ዩ።

ምእንቲ ተሓዛዝልና እንከንወድቕ'ምበኣር፡ ናይ ተቓለስቲ ሃገራዊ ሓይልታት ሃገራዊ ልፍንቲ ምምስራት እዋናዊ'ዩ። እዚ ካኣ ሓድነታዊ መርገጺ ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጢ ምርግጋጽ ዝዓለመ'ዩ። ሓድነታዊ መርገጺ ብዘተ ጥራይ'ዩ ዝረጋገጽን ዝዓዝዝን። ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ተቓለስቲ ሃገራዊ ሓይልታት ብዘይካ ኣገባብ ዘተ፡ ክልእ ካብኡ ዝሓሸ መቀራረቢ መሳርሒ የብልናን። ዘተ ንገዛእ ርእሱ ስነፍልጠት'ዩ። ናይ ዘተ ትርጉምን ዕላማን ጥበብን ዝፈልጡ ተዛተይቲ ምቅራብ የድሊ። ዘተ

በዝልማድን ሃንቀውታን ኣይካየድን'ዩ። ኣብ መንን'ቶም ናይ ዘተ ጥበብ ብስነፍልጠት ዘፈልጡ ተዛተይቲ ዝቀረበ ወገንን፡ ብዝልማድ ተዛተይቲ ዝቀረበን ወገንን ዝካየድ ዘተ፡ ብርግጽ ምዕሩይ ውጽኢት ኣይህብን'ዩ። ካብ ዘይተመጣጠነ ዓቕሚታት ተዛተይቲ ምዕሩይ ውጽኢት ምጽባይ ቅኑዕ ኣይኮነን ድማ። ስለዚ ውጽኢት ዘተታት ብዓቕሚታትን ክእለታትን ምትዕጽጻፍን ተዛተይቲ ዝዕቀንን ዝግለጽን'ዩ። ዘተ ፖለቲካዊ ፍልልያት እንውግደሉ ኣገባብ ኣይኮነን። ዘተ ናይ ሓባር ገድላዊ ረቛሒታት ንምዕዛዝ ፍልያትና እነጽብበሉን፡ ዘይራኽቡ መርገጺታትና ካኣ ከም ፍሉጥ ፍልልይ እንሰርዓሉን ስልጡን ፖለቲካዊ ገድላዊ መሳርሒ'ዩ። ዓውደ ዘተ ነጥበ ስምምዓትናን ነጥበ ፍልልያትናን ብቃል እንስንደሉ መድረኽ'ዩ። ፍልልያት ንምውጋድ ዝዓለመ ዘተ፡ ሸሙ ዘተ'ኳ እንተኾነ፡ ብቑም ነገሩ ናይ ሓደ ወገን ድልየት ማለት ፖለቲካዊ መርገጺ ኣብ ልዕሊ ካልእ ወገን ምስግዳድ (ምጽዓን) ማለት'ዩ።  ኣብ ባይታ ክትርጉም እንከሎ ድማ ምዕምጻጽ'ዩ። ብተዘዋሪ መንገዲ ከም ቅድመ ኩነታዊ ዘተ'ዩ ዝቂጸር። እዚ ካኣ ሓደጋ ዝሓቑፍን ከይዱ-ከይዱ ሓደጋ ዘነትጉን'ምበር፡ ምርድዳእ ዝፈጥር ኣይኮነን።

ዘተ ስለምንታይ ንደልዮ? ናይ ቃልሲ ዓቕሚታትናን ኣመራርሓኡን ምድንፋዕን፡ ናይ ህዝቢናን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን ዘተኣማምን ደገፍ ንምርካብ'ዩ። ኣብ'ዚ ብትብዓት ክንእምቶ ዝግባእ ሓደ ሓቂ ኣሎ። ንሱ ድማ ናይ ህዝቢና ቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ቐጻሊ ደገፍ ህዝቢና ምርካብ ንተዓዋትነቱ ብረኽ ግደ'ኳ እንተሃለዎ፡ ብዘይክንድኡ ዝኾነ ኣህጉራዊ ደገፍ ዝዕወት ኣይኮነን። እዚ ብዘየማትእ ኪንርዶአ ኣሎና። ኣብ ዝኾነ ታሪኻዊ እዋን ብዘይ ኣህጉራዊ ደገፍ ዝተዓቱ ህዝባዊ ቃልሲታት የሎዉን። ሃገራዊ ናጽነት ኤርትራ እኹል ምስክርነት'ዩ። ብስንኪ ኣህጉራዊ ደገፍ ዘይምርካብ ዝፈሸሉ ህዝባዊ ቃልሲታት ኣሎዎ'ዮም። ቃልሲና ንምዲሞክራስያዊ ለውጢ ብናይ ሓደ ወገን ደገፍ  ኣይዕወትን'ዩ። ቃልስና ብናይ ክልቴኦም ወገናት ምዕሩይ ደገፍ'ዩ ዝዕወት። ስለ'ዚ ኣህጉራዊ ደገፍ፡ ነቲ ናይ ህዝብና ደገፍ ቀንዲ መተካእታ ዘይብሉ መማላእታኡ'ዩ። ህዝባዊ ደገፍ ዘይብሉ እንካን ኣህጉራዊ ደገፍ ክረክብ ዝሕሰብ ኣይኮነን። እቲ እንካይዶ ዘተ'ምበኣር፡ ኣብ ርእሲ ናይ ህዝቢና ደገፍ፡ ናይ ኣህጉራዊ ደገፍ ምርካብ ዝዓለመ'ዩ። ዘተታትና በዚ ደረጃን ትርጉምን ክዋደዱ ኣሎዎም። ብሕኪያ፡ ወይ ምምሕጻንታ ዝሳለጥ ዘተ ስለዘየሎ፡ ኣብ መስርሕ ዘተ ውረድ ደይብ፣ ርስን ዝሕል፣ ሓፍ ለጠቕ፣ ኣካይዳታት ምህላው ዘይተርፍ'ዩ። ዕቱብ ኣተሓሒዛ ጥራይ'ዩ ዘድሊዮ። ነፍስ ወከፍ ሃገራዊ ሓይሊ ኣብ ገዛእ ርእሱ እኹል ፖለቲካውን ሞራላውን ምቅርራብ ብምግባር፡ ኣብ ምቅባልን ምሃብን ዘተከለ ሕድገታት ንምቅባል ድሉው ክኸውን ይግባእ። ብመንገዲ ዘተን ሕድሕድ ሕድገታትን ንኩሉ ሃገራዊ ሓይልታት ዝጥርንፍ ሰፊሕ ኣሳታፊ ጽላል ምምስራት ይካኣል'ዩ። ብዘተ ኣቢልና ንኩሉ ሃገራዊ ሓይልታት ብዝተሓተ ሃገራዊ መደብ ዕዮ ዝሓቝፍን ዘቃልስን ሓባራዊ ሰነድ ምፍርራም ይካኣል'ዩ። እዚ ማለት ካኣ ብዘተ ኣቢልና ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶን ካልኦት ካብኡ ወጻኢ ዘሎዉ ሃገራዊ ሓይልታትን ዝሓቝፍ ሰፊሕ ሃገራዊ ልፍንቲ (ሃገራዊ ጽላል) ምምስራት ይካኣል'ዩ። እዚ ብገለ ሃገራዊ ሓይልታት፡ ነዊሕ ጊዜ ዝወስድ ኮይኑ እንተ ተራእዩ ድማ፡ ብመንገዲ ኣገባብ ዘተ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶን ክልኦት ባይቶታትን ዕቱብ ምውህሃድ ክግበር ይካኣል'ዩ። ናይ ውድባት ክልቴኣዊ፣ ሰለስቴኣዊ፣ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዘተታት፡ ነቲ እንማዕድዎ ኣሳታፊ ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል ጥጡሕ ባይታን ጥዑይ መደያይቦን ክኾንዎ ይኽእሉ'ዮም። በዚ ይኹን በቲ፡ ኣብ'ዚ ፈታኒ መድረኽ ምስግጋር ዝርከብ ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ተዓዋትነቱ ከውሒስ ምእንቲ፡ በብቕዓት ዝመርሖ ኣሳታፊ ሃገራዊ ትሕዝቶን መልክዕን ቁም ነገርን ዘሎዎ ሓባራዊ መሪሕነት ምትካል እምቢዛ ኣገዳስነት ኣሎዎ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

22 ሕዳር 2019